## <u>መድረኽ መምህር ሕንፍሽፍሽ።</u>

ዓቕሊ ጽበት ዝሓደሮ ሰብ ከም ብርቱዕ ረስኒ ዝተታሕዘ ዝዛረቦን ዝገብሮን ኣይፈልጥ፡ ኣበይን ምስመንን ከምዘሎ ኣየለልን። ኩልና ከም እንፈልጦ ዓሶ ዝሓመመ ሰብ እሞ ብዙሕ ረስኒ ምስ ዝህልዎ ካብ ንቡር ንላዕሊ ሃተፍተፍ ይብል። ቁልጡፍ መድሃኒት እንተ ዘይተረኺቡዎ ክሳብ ነብሱ ምቕታል ይበጽሕ። ከምቲ ንህቢ እናራኣየ ኣብ ሓዊ ዝኣቱ ሕማም ሃተፍተፍ ዝሓዞ'ውን እናራኣዩ ኣብ መፈንጠራ እዩ ዝኣትዉ። ኣብዚ ዘለናዮ ምዕኑል ዘምን ንኹሉ ሕማማት መድሓኒት እናተረኽበሉ ከሎ ነዞም ሕማም ፖሎቲካዊ ሃተፍተፍ ዝሓዞም ግን ጌና መድሓኒት ኣይተረክበሎምን ዘሎ። ምኽንያቱ ኣብ መድሃኒት ዘይብሉ ሆስፒታል ወያኔ ተዓቚቦም ስለ ዘለዉ። ካብዞም በዚ ሕማም ተጠቒዖም ብብርቱዕ ረስኒ ኣብ ማሕፉዳ ወያኔ ኮይኖም ሓተፍተፍ ዝብሉ ዘለዉ ሓደ እዚ መድረኽ ዝበሃል ንነብሱ ከም ሃዋሪያ ሰላም ጌሩ ዝገልጽ ዘሎ እኩይ ኣካል እዩ። መድረኽ ንተባዕ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸሓደ እዩ። ኣባላቱ ካብ ሓገራዊ ረብሓ ንግላዊ ጥቕሚ ዝቃለሱ እዮም። መድረኽ ኣብ ጊዜ ወራር ወያኔ ዋርሳይ እካኣሎ ዘረጋገጸ ዓወት ዝኸሓደ እዩ።

ካብቲ ራዲዮ ድምጺ ኣመሪካ (VOA) ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋል ንዶክቶር ኣሰፋውን፡ ማሕዮዲን ሸንገብን ዝቐረበሎም ሕቶታትን ዝተዋህበ መልስታት ብምብጋስ፡ መድረኽ መሳርሒ ናይ ካልኦት ሓይልታት ምዃኑ ብጋህዲ የብርሀ። ዋላኳ ምስ ሰበስልጣናት ኢትዮጵያ ብኣካል ኮፍ ኢሉ ዝተዛራረበ ይምሰል እምበር እቲ ሒዙዎ ተበጊሲ ዘሎ ኣጀንዳ (ንለባም ኣምተሉ ንዓሻ ደርጉሓሉ ከምዝበሃል) ናይ ምዕራባውያን ተልእኮ ዘለዎ እዩ። ብሓቂ ከኣ ንመንነት ህዝብናን ክብሪ ታሪክናን ዘነውር ኣጀንዳ እዩ። መድረክ ኣብቲ ተሓቲቱ ዝምልሶ ዝነበረ መልስታት ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣፈኛ (ህወሓት) ኮይኑ እዩ ቀሪቡ።

ካብቲ ዝተባህለ ገለ፡

*** ብጉዳይ ወራር ወያኔ ኣመልኪቱ ዶ /ኣሰፋው ዝሃቦ መልሲ።** ኣብቲ ኲናት ክልተና እና ተሳዒርና ይብል። እዚ ኣባሃህላ እዚ ጉጉይ ኣብ ርእሲ ምዃ ዘይሰነፍልጠታዊ እዩ። ኲናት ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣይኮነን፡ ማዕረማዕረ ወጺእካ ብፍጹም ቅላዕ ዝድምደም። ኣብ ኲናት ኩሉ ግዜ ሓደ ሰዓሪ ኣሎ ክብደት ዓወቱ ብዘየገድስ። መደብ ጃንዳ ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ደምሲስካ፡ ኣስመራ ቖሪስካ ባጽዕ ምምሳሕ'ዶ ኣይኮነን ኔሩ? ነዚ ተሃንዲዱ ኣሸሃት ሰራዊትን ኣጽዋርን ሒዚ ዝመጸ፡ ስድሪ ከይተበገሰ ካብ ኑቡር ናብ ዘይኑቡር ተሓምሺሹ ዝተሳዕረ ወያኔ ብመን ድዩ? ነዚ መዘና ዘይብሉ ዘስደምም ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓወት ዘመዝገበ ሰራዊት ኤርትራስ ኣይሰዓረን ይበሃል። ንወያኔን መወልቶምን ዘሰንበደን ዝተኣምኑሉ ስዕረትስ ዋርሳይ ይከኣሎ ተሳዒሩ ይበሃል? ህዝቢ ኤርትራ ዘርኣዮ ተወፋይነት ኣብ ክንዲ ምምስጋንስ፡ ንሃይለማሪያም ደሳለኝ ምሕጓስ?

***ኣቶ ሸንገብ፡** ኣብ ኣኢትዮጵያ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ኣሎ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ግን ሽፍታ እንበር መንግስቲ የለን ይብልስ። ንማሕዮዲን ሸንገብ ዝፈልጡዎ ይግለጹዎ። ነዚ ዝሃቦ ርእይቶ ግን ኩሉ ኤርትራዊ ከኹንኖ ኣሎዎ። መንግስቲ ማለት እንታይ ማለት ኣዩ? ሸንገብ ትርጉሙ ዝፈልጦ ኣይመስለንን። መንግስቲ ስርዓት ናይ ሓደ ሃገር እዩ። ውልቀ ሰብ መንግስቲ ክከውን ኣይክእልን። መንግስቲ ኤርትራ ክበሃል ከሎ ህዝቢ ኤርትራ ማለት እዩ። መንግስቲ እንተዘይህሉ እቲ ዓለም ዝምስክረሉ ዘሎ ልምዓት'ውን ኣይምተዘርበሉን። ኣብ ኢትዮጵያ ደሞክራኣሲ ኣሎ ምባል ኣብዚ ሕጂ ግዜ

በቲ ዝቐዘፍ ዘሎ ንጹህ ኢትዮጵያዊ ምልጋጽ እዩ። **ዶ/ኣሰፋው**'ውን ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ከምዘየለ፡ ሃገር ብውልቀ ሰብ ከምትመሓደር ጌሩ ገሊጹ። ካብ ናይ ክሊቲኦም ኣባሃህላ ኤርትራ ሰራዊታን ህዝባን ብሽፍታ ዝምራሕ ማለት ድዩ? እዚ ግዕዙይ ኣበሃህላ ብጠቕላላ ንህዝቢ ዘይባህሉን ዘይ ታሪኹን ምሃብ ከብቕዕ ኣሎዎ። *እዞም ንመንግስትን ህዝብን ሰራዊት ኤርትራን ሽፍታ ኢሎም ዝውንጅሉ ዘለዉ ሽፉቱ፡ 1 ) ብቐጥታ ብግሉጽ እቕረታ ክሓቱ ይግባእ፡* 2) ካብ ሽፍትነታዊ ተግባራት ክቑጠቡ ይግባእ፡ 3) ሽፍታን ትርጉሙን ክፈልጡ ይግባእ። እቲ ቀደም ንፈልጦ ሽፍትነት ንብረትን ገንዘብ ንእለቱ ዝዘምት ድኣንበር ሃገር ኣሕሊፉ ዝህብ ኣይነበረን። ናይ ሎሚ ሽፉቱ ግን ሓንጎል መንእሰይ ዘሚቶም ካብ ዝፈትዋ ሃገሩን ህዝቡን ቤተሰቡን ተፈልዩ ናብ ጥፍኣት ከምዘምርሕ ዝገብሩ እዮም። ነዚኦም ሓለይቲ መሲሎም ሽፍትንነቶም ብዝተፈላለየ ኣስማት ዘጠምቑ ዘለዉ ባእታታት ብየዋህነት ክንጥምቶ እይግባኣን። ኣብ ግዜ ገድሊ ዘበርከቱዎ ኣበርክቶ ማንም ሰብ ክኽሕዶ ኣይግባኣን። ንዕኡ ተሞርኪስና ነዚ ሕጂ ዝገብሩዎ ዘለዉ ዕንወት መሸፈኒ ክንጥቀሙ የብልናን።

***ዶ/ኣሰፋው፡*** *ሃይለማሪኣም ደሳለኝ ኣብጉዳይ ኤርትራ ኣይንኣቱን። ሓግዙና እንተልኩምና ግን ዓቕምና እንተፍቂዱ ንሕግዘኩም ኢሉና ይብል። እሞ ሕጂ መንግስቲ ኢትዮጵያ ይሕግዝ ከምዘሎ ተገሊጹ። ሃይለማርያን ደሳለን ዓቕምና እንተፍቂዱ ዝብሎ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ዳኣ ኮን ኮይኑ።* **ማሕዮዲንውን** እንተወሰኹና ኣይንጸልእን ይብል። ገመል ሰሪቕካስ ጉምብሕ ጉምብሕ። ክልገሰልኩም ትጽበዩዎ ሓገዝ ኩሉ ስለ ዝፈልጦ ሽፍንፍን ኣየድልዮን።

***ዶ/እሰፋው፡*** *መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቶም እብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ኣኽረርቲ* (ኣሸበርቲ ማለቱ ደኾን ይኸውን) ኢሉ ዘረብኡ ይቕጽል። ኣብዘይ መንጠቢትክን ኣይተእትዋ ኢድክን። መንዮም እቶም ኣኽረርቲ ዝብሎም ዘሎ? እዞም መሬቶም ተወሲዱ ንሃብታማትን ጀነራላት ወያኔ ዝተዓደሎም ድዩ? ዓገብ ትማሊ ትማሊ ጭቁን ከምዘይነበርካስ ነቶም መሰሎም ዝተገፎም ኣኽረቲ ትብል?

***ዶ/ኣሰፋው፡*** ኣብ ኤርትራ ለውጢ ኣብ ሓጺር እዋን ክመጽእ እዩ። እንታይ ዓይነት ለውጢ? እዚ ዝምዝገብ ዘሎ ዓወታት ማለቱ ድዩ? ወይ ደቂስኻ ዝተሓልመ ለውጢ ይኸውን? ህዝቢ ለውጢ ስለ ዝደሊ እዩ ለይትን ማዓልትን ልምዓታዊ ስረሓት ዘሰላልስ ዘሎ። ኣብ ክንዲ ኣዕናዊ ለውጢ ምጉስጓስ ወይ ኣፍካ ምሓዝ፡ ወይ ኣካል ልምዓት ምዃን።

***ዶ/ኣሰፋው፡*** ስለምንታይ ኣብ ኢትዮጵያ ዘይተኣከብኩም ኣብ ናይሮቢ ተኣኪብኩም ንዝብል ሕቶ ዝሃቦ መልሲ፡ ናይ ግዳም ምትእትታው ከይርከብ ኢና ይብል። ኣብ ኢትዮጵያ ዘስግኦም ግዳማዊ ምትእትታው ኣሎ ማለቱ ድዩ። ብመሰረቱ ምንቅስቓሶም ብናይ ግዳም ምትእትታው ዝምወል"ዶ ኣይኮነን። ወይስ ነቶም ዘይዓደምዎም ጉጅለታት ግዳማውያን ጌሮም ቆጺሮሞም።

***ዶ/ኣሰፋው፡*** ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሓደ መላኺ እዩ ዘሎ። ንኹሎም ሚኒስተራትን ሰበ ስልጣናትን ምስራሕ ከሊኡዎም። ምስ ኣብ መንግስቲ ዝሰርሑ ሰበስልጣናት ርኽክብ ኣሎና። እዚ ስርዓት ምስራሕ ከሊኡና ይብሉና ይብል። 1) ነቶም ዝብሎም ዘሎ ሰባት ሓደጋ ዘእቱ ዶ ኣይኮነን? ኣንተድኣ ኣልዮም። 2) ኩሎም ሰበስልጣናትን ሚኒስተራትን ብሓደ ሰብ መሰሎም ተገፊሮም ማለቱ ድዩ። እዞም ብዘይበሉዎ ዝጥቕኖም ዘሎ ሰባት ተጋዲሎም፡ ኣጋዲሎም መስዋእቲ ከፊሎም ዝመጹ ሰባት እዮም።ከምቲ ንሱ ሃገር ገዲፉ ዝከደ ናይ ምኻድ ዕድላት ዝሰኣኑ ኣይመስለንን። ዓላማኦም ስለ ዘይኮነ ነቲ ዝኣተውዎ ሕድሪ ሰማኣታት የትግብሩ ኣሎዉ። እቲ ኣብ ውሽጢ ኣሎውና ዝብሎ ነቶም ከምቲ ንሱ 72% ድሕሪ ነጻነት

ዝተወልዱ እዮም ዝበሎ ንዕኦም ኣደናጌርካ ከምቲ ኣብ በዓል ግብጽ ዝተራኣየ ሕንፍሽፍሽ ምፍጣር እዩ። መንእሰይ ኤርትራ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ጸዊዒት ተቐባላይ ኣይኮነን። ሓደ ክልተ እንተ ተገርሁ ኣጋኒንካ ዝራባሕ ቁጽሪ የለን።

***ኣቶ ማሕዮዲን፡** ህዝቢ ኣኤርትራ ኩሉ በረት ዝፈልጥ እዩ፡ ኩሉ ከኣ ሃገር ንምክልኻል ብረት ዓጢቑ ኣሎ። ስለምንታይ ድኣ ጸረ መንግስቲ ደው ዘይበለ? ንዝቐረበሉ ሕቶ ክምልስ ከሎ፡ ብድፉኑ ፈሪሁ ዝብል መልሲ እዩ ሂቡ። ካብ መንግስቲ ህግደፍ ናብ ባሕሪ ምጥሓል እዩ መሪጹ ይብል። ዝፈርህ ኤርትራዊ እንተዝነብር ከመይ ጌሩ ወራራት ኣፍሺሉ። ወይስ ንትሕትንኡን ከም ፍርሂ ቆጺሩዎ። ፈራሕ ኣብ ጎዶቦ ኮይኑ ዝፍክር እዩ።

***ዶ/ኣሰፋው፡** እቲ ድሕሪ ነጻነት ዝተወልደ 72% ብናይ ህግደፍ ፕሮፓጋንዳ ዝጸመመ እዩ በባሃህላኡ ኣዛዊሮም ዘይርእዩ ዝተባህልዎ እንተዘይኮይኑ ዝደልዩዎ ዘይዛረቡ ድኹማት ጌርኻ ምቕጻሩ ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ዘለዎ ንዕቀት ዘመልክት ኣዩ። ነዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ መንእሰያትና ብትሪ ክምሉሹሉ ኣለዎም። ኣብ ኤርትራ ሳላ ነጻነትን ተክኖሎጅን መንእሰይ ሰፊሕ ዕድል ትምህርቲ ብነጻ ስለ ዝቐሰመ ብናይ ዝኾነ ፕሮፖጋንዳ ዝታለል ኣይኮነን። ግን ልዕሊ በሃሊ ፍቕሪ ሃገር ሰለ ዘጥረየን ብቕዓት ናይ ምምማይ ዝቐሰመን መንግስቲ ዝሃቦ ዕድላት ተጠቒቒሙ ሃገር የልምዕ ኣሎ። ንዝመጹ ተጻብኦታት ይምክት እሎ።

***ዶ/ኣሰፋው፡** ብዛዕባ ፖኦቲካዊ ፓርቲ ድኹም ንዝብል ሕቶ ክምልስ ከሎ፡ ኣይኮናን ግን ፖሎቲካዊ ኣጀንዳ ኣሎና ይብል። ሓቁ እዩ ፖሎቲካዊ ፓርቲ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ መን ክስዕቦም። ሽፋቱ እናበልካ፡ ብናይ እግደፍ ፕሮፓጋንዳ ዝጸመሙ ወዘተ… ዝብል ሓሳብ ዘለዎም ባእታታት መንዩ ክስዕቦም። ምናልባት ውሑዳት ሰብ ጥቕሚ ወይ ትውልዲ። ብዛዕባ ቀጻሊ መደባት ክዛረብ ከሎ ጉዕዞ ናብ ኡጋንዳ፡ ከንያ፡ ሱዳን ምኧኑ ይሕብር።

***ዶ/ኣሰፋው፡** ብዛዕባ ብይን ዶብ ብመሰረት ዝተዋህበ ፍርዲ ክፍጸም ኣሎዎ። ምስ ፕራይም ሚኒተር ኣብ ዝተዛራረብናሉ፡ ነቲ ፍርዲ 100% ከም ዝተቅበሉዎ እዩ ገሊጹልና፡፡ ዝርርብ ግን ክግበር እለዎ ይብል። ሕቶ እንተተሳማሚዒሉ ድኣ ስለምንታይ ኣይተተግበረን? ዝተፈርደ እግባይ ዘይብሉ ውሳኔ እንታይ ምዝርራብ የድልዮ? መድረኽ መን ዝሃቦ ስልጣን ብዛዕባ ውሳኔ ዶብ ክዘራረብ? መድረኽ ናይመን ልኡኽ እዩ። እቲ ምስ ሰበስልጣናት ኢትዮጵያ ዝገበሮ ርኽክብ ብጀካ ፍርሂ ዝመልኦ ምውዳስን ተምበርካኽነትን ካልእ ሞጎት ኣይነበሮን።

ኩቡራት ኣንበብቲ እቲ ዝተባህለ ብዙሕ እዩ። ባዕልኹም ኣንቢብኩሞ ትኾኑ። ንሰብ ሰብኣዊ ክብሩ ምሕላው። እቲ ፖሎቲካዊ ሸነኻቱ ዘንባዕ ንሃገር ዘየርብሕ፡ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ ነቶም ወረስቲ ቀናን መንገዲ ዘትሕዝ ምስ ዝኾውን ከም ኲናት ኣብ ልዕሊ ሃገር ምእዋጅ ስለ ዝቑጻር ዕጥቅና ኣደልዲልና፡ ማዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ምምካት እዩ። ንኹሉ ብትግሃት፡ ብንቕሓት ብብልሓትን ትዕግስትን ንግጠሞ። ኩልና ሓደ ድልየት ክህልወና ኣይክእልን ኣብ ሃገርና ዘሎና ኣጠማምታ ግን ካልእ መተካእታ የብሉን ብጀካ ሓድነት። ዕምሩ ዘዝቐረበ መርዚ ገዲፉልና ከኸይድ ዕድል ኣይንሃቦ። ሕጂውን ከም ቀደምና ምእንቲ ሃገር መስዋእትነት ሓላል ምኧኑ ተገንዚብና እዛ መሬት ሰማኣታት፡ መሬት ጻዕረኛታት ህዝባ ፈታው ሰላም፡ ንፋስ ከይኣትዋ ንከላኸለላ። ጸላኢኡ ዘይፈልጥ ከይርከበና። ንተጻባእቲ ምምካት ንዝተወሰነ ኣካል ወይ ባኣታ ዝግደፍ ኣይኮነን። በዓል እገለ ኣለውዎ ተባሂሉ ስቕታ ትገብረሉ ጉዳይ ኣይኮነን። መንፈስናን፡

ሓሳብናን፡ ተግባርናን ሓደ ይኹን። ኣብ ፖሎቲካዊ ሂወት ደቂ ሰባት ካብ ሰለተ ማለት ገስጋሲ፣ ተበላጺ፣ ኣድሓርሓሪ ኣብ ሓንቲኤን ይስርዑ። ገስጋስን ኣድሓርሃርን ንክትፈልጦም ቀሊል እዩ። ተበላጻይ ግን ሓደገኛ እዩ። ናይ ዕዳጋ ሕንፍሽፍሽ ንሌባ ይምችእ ከምዝበሃል ተበለጽቲ ኮምኡ ዓይነት ጠባይ እዩ ዘለዎም። መርገጽ የብሎምን፡ ሎሚ ምሳኻ ጽባሕ ምስ ጸላኣኢኻ ጸኒሖም ከኣ ይምለሱ ናባኻ፡ ኮምኡ እናበሉ ይነብሩ። ነዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ሰባት ኣትኩሮና ንጹር ክኸውን ኣለዎ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።